# ገበናት ስርዓታት ኢትዮጵያ ኣብ ኤርትራ
# ብምኽንያት ዝኽሪ 50 ዓመት - ህልቂት ኣስመራ
# (መበል 14ን መወዳእታን ክፋል)



*ታሪኽ ግፍዕታት ገዛእቲ ምዝካር ዘድልየሉ ምኽንያት፡ ኣብ ሕሉፍ ንምንባር ወይ ቂምን ጽልኢን ንምቍጻር ዘይኮነ፡ ካብኡ ትምህርቲ ብምቕሳም፡ ኣሉታዊ ታሪኽ ከይድገም ንቕሓት ንምፍጣር እዩ። ብኣጋጣሚ ዝኽሪ 50 ዓመት ህልቂት ኣስመራን ከባቢኣን፡ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ፡ ህልዊን መጻኢን ወለዶታት ኤርትራ ጥራይ ዘይኮነ ኢትዮጵያውያን እውን ክፈልጥዎ ዝግባእ፡ ብስርዓታት ኢትዮጵያ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ዝተፈጸመ ግፍዒን ገበንን ብጽምቚ ዝበለ ንኣንበብቲ ተቐርብ።*

*ክሳብ 9ይ ክፋል ናይዚ ብተኸታታሊ ዝቐርብ ዘሎ ጽሑፍ'ዚ ብኣሕተምቲ ሕድሪ እተሰናድአት መጽሓፍ "ግፍዒ፡ ዛንታታት ተሞኩሮ ገድሊ ቅጺ-8" ኣብ መእተዊ ጽሑፋ ኣስፊራቶ ዘላ እዩ። ገበናት ስርዓታት ኢትዮጵያ ግን ምስ ናጽነት ህዝቢ ኤርትራ ኣየብቅዐን። እዚ ነቕርበልኩም ዘለና ጽሑፍ ከኣ፡ ካብ 9ይ ቅጺ ዛንታታት ተመኩሮ ገድሊ መጽሓፍ "መኸተ፡ ካልኣይ ገድሊ ንምክልኻል ሃገር" ዝተወሰደ፡ ኣብ እዋን ወራራት ወያነ (1998-2000) ኣብ ልዕሊ ሰላማዊ ህዝቢ ኤርትራ ዝተፈጸመ ግፍዒታት ዝገልጽ እዩ።*

## ገበናት ኩናት

## ብወራሪ ሰራዊት ወያነ ዝዓነወ መቓብር ሓርበኛታት

ሓለፍቲን ካድረታትን ወያነ፡ ደድሕሪ ናጽነት ኤርትራ ብሰላሕታዊ ኣገባብ መሬት ኤርትራ ክምንዝዑ ካብ ዝብገሱ ጀሚሮም፡ ኣብ ከባቢ ዶባት ዝነብሩ ኤርትራውያን ካብ ገዛእ ዓድታቶም ሃጽ ኢሎም ንኽጠፍኡ፡ ዝተፈላለየ ናይ ራዕዲን ሽበራን ተግባራት ይፍጽሙ ነይሮም እዮም። ኣብ ቀዳማይ ወራር፡ መጥቃዕቲ ሰራዊት ወያነ ቀልጢፉ ስለዝመኸነን ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ብዝወሰዶ ጸረ-መጥቃዕቲታት እቲ ወራሪ ሰራዊት ክሳብ'ቲ ፍሉጥ ኣህጉራዊ ዶባት ስለዝተደፍአን፡ ኣብ ልዕሊ ዓድታትን ከተማታትን ኤርትራ፡ ከምኡ'ውን ኣብ ልዕሊ ሲቪላዊ ዒላማታት ብደብዳብ ነፈርቲን ከቢድ ብረትን ዝወረደ ዕንወት ምጡን እዩ ነይሩ።

ኣብ ካልኣይ ወራር ግን፡ ወያነ ኣብ ከባቢ ግንባር መረብ ሰቲትን ግንባር ዓሊተናን መረብን ንዝርከባ ብዙሓት ዓድታትን ከተማታትን ዒላማ ብምግባር፡ ብደብዳብ ነፈርቲን ከቢድ ብረትን ኣማኢት ሰላማውያን ሰባት ቀቲሉን ኣቑሲሉን፡ ዓሰርተታት ኣሽሓት ህዝቢ ካብ መነባብሮኡ ኣፈናቒሉ፡ ኣብቲ ክቆጻጸሮ ዝኸኣለ ቦታታት ንብረት ሰላማዊ ህዝብን ትካላት ማሕበራዊ ኣገልግሎትን ከምኡ'ውን ጥሪትን ካልእ ንብረትን ራስዩን ኣዕንዩን። ኣብቲ እዋን'ቲ መንግስቲ ኤርትራ ነዞም ካብ ዓድታቶም ዝተፈናቐሉ ህዝቢ ዘዕቍባ ዓበይቲን ንኣሽቱን መደበራት ኣብ ዝተፈላለየ ከባቢታት ክድኲን ተገዲዱ ነይሩ። ብዙሓት ተፈናቐልቲ እውን ናብ መቕርቦም ዝተጸግዑ ነበሩ።

ብወራር ወያነ እቲ ዝኸበደን ዝኸፍአን ዕንወት ዝወረደ ኣብ ሳልሳይ ወራር'ዩ። ኣብዚ ወራር'ዚ፡ ሰራዊት ወያነ ኣብ ገፌሕ ከባቢታት ዞባ ጋሽ-ባርካ ክኣቱ ዕድል ረኺቡ እዩ። ኣብ ዞባ ደቡብ እውን፡ ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ብመሰረት ጻውዒት ውድብ ሓድነት ኣፍሪቃ፡ ካብ ዛላምበሳ ኣብ ዝሰሓበሉ እዋን ንምክልኻል ክጥዕሞ ናብ እምባ ታሪኻ ብምስሓቡ፡ ሰራዊት ወያነ ንሰንዓፈን ኣብ ከባቢኣ ዝርከባ ዓድታትን ክቆጻጸር ክኢሉ እዩ። በዚ ድማ፡ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ዝወረደ ስቓይ ኣዝዩ ከቢድ እዩ ነይሩ። ልዕሊ 1.1 ሚልዮን ህዝቢ ካብ ዓድታቱ ተፈናቒሉ። 250,000 ህዝቢ ብህጹጽ ኣብ ዝተመስረተ መደበራት ክዕቆብ እንከሎ፡ 50,000 ናብ ሱዳን ተሰዲዱ። ክሳብ'ዚ ወራር'ዚ፡ ቀጻሊ ብዝካየድ ዝነበረ ምስጓግ ኤርትራውያን ካብ ኢትዮጵያ፡ ቁጽሪ ዝተሰጉ 75,000 በጺሑ ብምንባሩ ድማ፡ እቲ ኣብ ልዕሊ ሰላማዊ

ህዝቢ ዝወረደ ግፍዒን በደላትን ብስፍሓቱን ብዓይነቱን ኣብ ታሪኽ ኤርትራ እቲ ዝዓበየ'ዩ ክበሃል ይከኣል።

እቲ ናይ ውሽጢ ምምዝባል እውን ብዙሓት ስድራቤታት በታቲኑ እዩ። ጸብጻብ ኮምሽን ረድኤትን ስደተኛታትን ኤርትራ ከምዘመልክቶ፡ ኣብ ግዜ ሳልሳይ ወራር፡ ካብ ከባቢ ሰንዓፈ ተመዛቢሎም ኣብ መዓስከር ሓሬና ካብ ዝተዓቘቡ ዓሰርተታት ኣሽሓት ዜጋታት፡ እቶም 6,000 ትሕቲ 5 ዓመት ዝዕድመኦም ህጻናት እዮም ነይሮም። ልዕሊ 1,300 ካብኣቶም ድማ፡ ብደብዳብ ወለዶም ዝሞትዎም፡ ወይ ኣብቲ ግዜ ውግእ ስድራቤቶም ተበታቲነን ብዘይ ኣላዪ ዝተረፉ ነበሩ።

ወያነ፡ ንብረት ህዝቢ ንምርሳይ ምእንቲ ክጥዕሞ፡ ኣብቲ ብወራር ዝበጽሖ ዓድታት ህዝቢ ካብ ኣባይቱ እናውጽአ ምብራር ስርሐይ ኢሉ ዝፍጽሞ ዝነበረ ተግባር እዩ። "ካብ ዓድና ኣይንለቕቕን" ዝበሉ፡ ኣንስቲ፡ ኣረጋውያንን ቆልዑን ምቕጥቃጥን ምርሻንን ድማ ምስኡ ሓቢሩ ዝኸይድ ዝነበረ ግፍዒ እዩ። ኣብ ኣውጋሮ ንኣብነት ነቶም ደቂ ዓዲ ቦታኦም ለቒቖም ክኸዱ ምግዳዶም ሓደ መርኣያ ናይዚ ዓመጸኛ ተግባር እዩ ነይሩ። ብዘይካ'ዚ ወተሃደራት ወያነ፡ ኣብ ልዕሊ ደቀንስትዮ ብዙሕ፡ ገሊኡ ብፍላይ ክትኣምኖ እውን ዘጸግም ጾታዊ ዓመጽ ፈጺሞም እዮም። ኣብ ከባቢ እምባሶይራ ንኣብነት፡ ወተሃደራት ወያነ፡ ብትእዛዝ ሓለፍቶም ኣብቲ ከባቢ ንዝነበራ ኣመንቲ ምስልምና ሰብ-ሓዳር ደቀንስትዮ፡ ዕለታዊ፡ ንብዙሕ መዓልታት፡ ድሕሪ ሰዓት 5:00 ናይ ድሕሪ ቐትሪ፡ ገዘአን እናመጹ ብሳንጃ እናፈራርሑ ይጋስሱወን ምንባሮም፡ እተን ዝተዓመጻ ደቀንስትዮ፡ መጽናዕቲ ንዘካይዱ ዝነበሩ ኣባላት ዜጋታት ንሰላም ኣብ ኤርትራ ዝገለጻሎም ጉድ ተሰኒዱ ይርከብ።

በዚ ሰፊሕ ናይ ኵናት ገበን'ዚ ኣብ ርእሲ'ቲ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ዝወረደ ስቓይን ስነ-ኣእምሮዊ ማህሰይቲን ኣብ ንብረት ዝወረደ ዕንወት ቀሊል ኣይነበረን። በቲ ዝተፈጸመ ዕንወትን ራስያን ኣዝዩ ካብ ዝተሃስየ ከባቢታት ባረንቱ፡ ቶኾምብያ፡ ሻምብቆ፡ ተሰነይ፡ ዓሊግድር፡ ተላታ ዓሸር፡ ጎልጅ፡ ኦምሓጀር፡ ማይ ድማ፡ ኣውጋሮ፡ ክሳድ ዒቃ፡ ጾሮናን ሰንዓፈን ኣብ ከባቢአን ዝርከባ ብዙሓት ዓድታትን ብኣብነት ምጥቃስ ይከኣል።

ደድሕሪ ሳልሳይ ወራር፡ ብዩኒቨርሲቲ ኣስመራ ዝተኻየደ ኣፈናዊ መጽናዕቲ፡ ወያነ ኣብ ዝኣተዎ ከባቢታት ልዕሊ 34 ሚልዮን ዶላር ዝግመት ናይ ልዕሊ 50,000 ስድራቤታት ኣባይቲ ምሉእ ብምሉእ ወይ ብከፊል ክዓኑ እንከሎ፡ ኣስታት 3000 ትካላት ድማ ምሉእ ወይ ከፊላዊ ዕንወት ከምዝወረዶ የመልክት። ምምሕዳር ዞባ ጋሽ ባርካ ብወገኑ ኣብ ዘካየዶ መጽናዕቲ፡ ኣብቲ ዞባ ዝወረደ ዕንወትን ዝምታ ጥሪትን 700 ሚልዮን ናቕፋ ከምዝበጽሕ፡ ብሰንኪ ሰፊሕ ምምዝባል ህዝቢ፡ ምህርቲ ሕርሻ ናይቲ ዞባ፡ ኣብቲ ዓመት'ቲ ብ77.7% ከምዝንቈልቈለ የመልክት። ኣብ ሕርሻ ጡጥ ዓሊግደር ከኣ፡ ዓሰርተታት ሚልዮናት ዶላር ዝዋጋኡ ፋብሪካን ማሺነሪታትን ወያነ ብመደብ ከምዘዕነዎ ይፍለጥ።

ድሕሪ'ቲ ወራር ብባንክ ዓለም ትካላት ሕቡራት ሃገራትን መንግስቲ ኤርትራን ኣብ ዝተገብረ ገምጋም ነቲ ዝወረደ ዕንወት ንምፍዋስ ልዕሊ 300 ሚልዮን ዶላር ከምዘድሊ ተገሚቱ እኳ እንተነበረ፡ ኣብ መወዳእታ ዝጸደቐ፡ 287.7 ሚልዮን ዶላር እዩ ነይሩ። ካብዚ 90 ሚልዮን ባንክ ዓለም፡ 50 ሚልዮን ኤውሮጳዊ ሕብረት፡ 58.7 ሚልዮን መንግስቲ ጣልያን፡24 ሚልዮን መንግስቲ ኤርትራ፡ 11 ሚልዮን ደንማርክ፡ 3 ሚልዮን ፈረንሳ፡ እቲ ዝተረፈ 30 ሚልዮን ዶላር ድማ ብዝተፈላለየ ሃገራትን ውድባትን ክምወል ተባሂሉ እኳ እንተነበረ፡ እቲ ሓገዝ ቅሩብ ምስተበጋገሰ፡ ብሰንኪ'ቲ ድሕሪ ፍሽለት ወራር ወያነ ስዒቡ ዝመጸ፡ ፖለቲካዊን ዲፕሎማስያዊን ተጻብኦ ሃገራት ምዕራብ ኣይቀጸለን።

መንግስቲ ኤርትራ፡ ኣብቲ ናይ ኲናት እዋን፡ ኣብ ዝተፈላለየ ከባቢታት ብህጹጽ መዕቈቢ መደበራት ብምምስራት፡ ናይ ሕክምናን ማይን ኣገልግሎታት ብምቕራብ፡ ተፈናቐልቲ ዝዕቈብሉ ቴንዳታት፡ ናይ መግቢ መቑነንን፡ ከቦርታን ክዳውንቲን ብምዕዳል ዓቕሚ ሃገር ብዘፍቅዶ፡ ህዝቢ ንምርዳእ ተጓይዩ እዩ። ማሕበረሰብ ዓለም እውን እንተኾነ፡ ዋላ እኳ ከምቲ ትጽቢት ዝግበረሉ እንተዘይነበረ፡ ክሳብ ብነፈርቲ ህጹጽ ረድኤት ብምልኣኽ፡ ነቲ ዝተፈጥረ ከቢድ ምምዝባልን ሰብኣዊ ቅልውላውን ንምፍዋስ መጠናዊ ኣበርክቶ ገይሩ እዩ። ዝያዳ ኩሉ ግን፡ ኣብ ውሽጢን ወጻኢን ዝነብሩ ዜጋታት፡ ብልዑል ዜግነታዊ ሓላፍነት ንተመዛበልቲ ዜጋታቶም ንምሕጋዝ ዝገበርዎ ኣበርክቶ ዝዓበየ ግምት ዝወሃቦ እዩ።

ብውዕል ኣልጀርስ፡ ኣብ ክልቲኦን ሃገራት ዝወረደ ዕንወት ከጻሪ ዝቑመ ኮምሽን ካሕሳ ኤርትራን ኢትዮጵያን፡ ብመሰረት ኣህጉራዊ ሰብኣዊ ሕግታት፡ ካብ ሕጊ ወጻኢ ኣብ ግዜ ውግእ ዝተፈጸሙ ገበናት ኣብ 6 ምድባት ከፋፊልዎ'ዩ ርእይዎም።

ምድብ 1 = ዘይሕጋዊ ምብራር ሰባት ካብ ቀዋሚ መንበሪ ቦታኦም፡
ምድብ 2 = ሰባት ካብ ቀዋሚ መንበሪኦም ምፍንቓል፡
ምድብ 3 = ኢሰብኣዊ ኣተሓሕዛ ኣብ ልዕሊ ምሩኻት ኲናት፡

ምድብ 4 = ንሰላማውያን ሰባት ብዘይ ሕጊ ምእሳር፡ ምቕታል፡ ኣብ መዓስከራት ምድጓንን ብኢሰብኣዊ ኣተሓሕዛ ምስቓይን ደቀንስትዮ ምዕማጽን
ምድብ 5 = ንብረት ውልቀሰባት ምዝማትን ምዕናውን
ምድብ 6 = ንብረት መንግስቲ ምዕናውን ምዝማትን

ብመሰረት መምዘኒ ምድባት ናይቲ ኮምሽን፡ ጥርዓን ብመንግስቲ ይኹን ብውልቀሰባት ክቐርብ ዝኽእል ኮይኑ ብእኩባት ጉጅለታት፡ ትካላት ወይ ማሕበራት ዝቐርብ ጥርዓን እውን ካብ 1-5 ኣብ ዘለው ምድባት ከፋፊልካ ክርኣዩ ይኽእሉ።

በዚ መሰረት፡ እቲ ኮምሽን፡ ኣብ መሬት ኤርትራ ዝተፈጸመ ካሕሳ ዝግብኦ ናይ ኲናት ገበናት ዝበሎ ከምዚ ዝስዕብ ዘርዚርዎ ይርከብ፦

- ምዕናው መንበሪን ንግዳዊን ኣባይቲን ካልእ ህንጻታትን ኣብ ማእከላይን ምዕራባዊን ግንባር
- ኣብ ልዕሊ ሰላማዊ ህዝቢ ዝወረደ ሞትን መቑሰልቲን
- ዕንወት ትካላት ሕክምናን መሳርሒታቱን
- ዕንወት ሓወልቲ መጠራን መቓብር ሓርበኛታት ጾሮናን ሻምብቆን
- ሕማቕ ኣተሓሕዛ ኣብ ልዕሊ ምሩኻት ኲናት
- ጾታዊ ዓመጽ ኣብ ሰንዓፈ፡ ባረንቱን ተሰነይን
- ምብራር ህዝቢ ኣውጋሮ ካብ ገዛእ መሬቱ

- ምስጓግ ኤርትራውያን ካብ ኢትዮጵያ፡ ምብራር ክልተ ዜግነት (ኤርትራን ኢትዮጵያን) ዘለዎም ሰባትን ኢትዮጵያውያን ክንሶም ስኣን ምጽራይ ተለኪሞም ዝተባረሩን፡
- ሕማቕ ኣተሓሕዛ ኣብ ግዜ ምስጓግ
- ምዝማት ንብረት ካብ ኢትዮጵያ ዝተባረሩ ኤርትራውያን
- ምዝማት ኣብ ግዜ ውግእ ኣብ ኢትዮጵያ ዝነበራ ክምለሳ ዘይክኣላ መካይን ኤርትራውያን
- ምዝማት ንብረት ቀወምቲ ተቐማጦ ኢትዮጵያ ዘይኮኑ ኤርትራውያን
- ካብ ሕጊ ወጻኢ ምእሳርን ምድጓንን ምስቓይን ሰላማውያን ኤርትራውያን፡
- ምግሃስ መንበሪ ገዛ ዲፕሎማሰኛታት ኤርትራን ምዝማት ንብረቱን

እዚ በደላት'ዚ ካሕሳ ክኽፈሎ ከምዝግባእ እቲ ኮምሽን ብምግላጽ፡ መጠን ናይቲ ካሕሳ እውን ወሲኑ እዩ። ብወገን ኤርትራ ተፈጺሙ ዝበሎ በደላት እውን ብተመሳሳሊ። እንተኾነ፡ መጠን ናይቲ ዝወረደ ዕንወት ኮነ፡ ኣብ ልዕሊ ኤርትራውያን ዝተፈጸመ ዘስካሕክሕ ግፍዒን ግህሰት መሰልን ስነ-ኣእምሮኣዊ ማህሰይቲን፡ እቲ ኮምሽን ምስ ዝወሰኖ ካሕሳ ፍጹም ዝመጣጠን ኣይነበረን።

ህልቂት ሰራዊት ወያነ - ግጥም እግሪ መኽል

